ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ
ዞባዊ ቤት ጽሕፈት ሰሜን ኣሜሪካ

المجلس الوطني الإريتري للتغيير الديمقراطي
المكتب الإقليمي لأمريكا الشمالية

**Eritrean National Council for Democratic Change**

**Regional Office of North America**

# ግስጋሴ ጉዕዞ ኤሃባደለ ሰሜን ኣሜሪካን ኢትዮ/ኤርትራ ዝምድናታት ዶብን፣ ንምስዓብ ዝኣክል

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ(ባይቶ) ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ወከልቶም ሰዲዶም ዞባዊ ጉባኤ ኣብ ደንቨር ኮሎራዶ ካብ ዝግበር፣ ኣብ ሓድሽ ዓመት 2019 ሓደ ወርሑ ኣኺቲሙሎ። ኣብዚ ኣኼባዚ ጉባኤኛታት ባይቶ ንሰነዳት ፖለቲካዊ ቻርተርን፣ ሓባሪ ማፕን፣ ሕገ-ህንጻን ደጊሞም ብምብድጋፍ፣ ነቲ ኣብ ቀረባ መጻኢ እዋን ዝግበር ጉባኤ ዝሳተፉ ወከልቲ ከኣ መሪጾም ኣለዉ። እቲ ሓፈሻዊ ጉባኤ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ/ዲሰምበር 2018 ክግበርዩ ዝብል ሕጽረታት ዝነበሮ ውሳኔ፣ ነቲ ኣብ ዞባዊ ጉባኤ ናይ ምሉእ ዓለም ክሳተፍ ዝነበሮ ቁጽሪ ኣዝዩ ለጠቕ ከም ዝብል ጌርዎ እዩ። እዚ ብምርኣይ ከኣ እቲ ዞባዊ ጉባኤ ነቶም፣ ንከተማዊ ምምሕዳር ይኹን ወከልቶም ናይ ጉባኤ ንምምራጽ ዝተለዓዓሉ ነጻ ውልቐሰባትን፣ ሲቪካዊ መሰረታት ባይቶን፣ ነቲ ዕለተ-ፈጽሚ ክሳብ ጥሪ/ጃንወሪ 12, 2018 ንክናዋሕ ወሲኑ'ዩ። ድሕሪኡ እውን ፈጻምን ኣሰናዳውን ቤት ጽሕፈት ባይቶ ነቲ ምንዋሕ ክሳብ የካቲት 15, 2019 ከምዝወሰኹሉ ከነፍልጥ ንደሊ። ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፣ ካብ ፖለቲካዊ ውድባትን፣ ሲቪክ ማሕበራትን ውልቀ ዜጋታትን ኣብ ጉባኤ ኣዋሳ ሕዳር/ኖቨመብር 2011 ዝተመርጹ ክሳብ 20 ዝኾኑ ኣባላት ባይቶ ኣለዉ። ክሳብ የካቲት 15, 2019 ከኣ ኣብ ርእስቶም ተመሪጾም ዘለዉ ነባራት፣ እቶም ኣብ ደንቨር ዞባዊ ጉባኤ ዝተመርጹን፣ ብሕጂውን ዝስዕቡ ሓደስቲ ወከልቲ ኣባላትን ክውሰኽዎም እዮም።

ኣብዚ ሓድሽ ዓመት ፈጻምን/ኣሰናዳውን ቤትጽሕፈት ባይቶ ናይ መጻኢ 2ይ ጉባኤ ኤሃባደለ ዝግበረሉ ኩነታትን፣ ግዜን ቦታን ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ክሕብር ምዃኑ ኣንፊቱሎ። እዚ ክሳብ ዝኸውን ግን ኩሉ መሰረታት ባይቶ ኣብ ኩሉ ከተማታት ሰሜን ኣሜሪካ ንኩሎም ነጻ ዜጋታትን፣ ህዝባዊ/ሲቪካዊ ማሕበራትን ናብ ካልኣይ ጉባኤ ዘተኣናግድ ዕድመታት ክገበሩ ሓላፍነታት ተዋሂብዎም ኣሎ። እዞም ስጉምታት እዚኣቶም ከኣ ድሕሪ ፍጻሜ ጉባኤና ኣብ መበል 28 ዓመት ሃገራዊ ነጻነትና ሓድሽ ኣየር ናይ ሃገራዊ ሓድነት ኣስተንፊስና ኣብ ሃገርና ምልካዊ ስርዓት ከብቅዕ ክንገብር ንኽእል ኢና። እዚ ወረዚ ዝሰምዑ መንእሰያትናን፣ ህዝብናን፣ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ከኣ ብሓባር ኣንጻር እዚ ምልካዊ ስርዓት ክትንስኡዮም። እዚ

ፍጻሜዚውን ንቀዳማይ ሚኒስተር ዓብይ ኣሕመድን ካልኦት መራሕቲ ጎረባብቲ ሃገራትን ኣብ ክንዲ ምስ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ስርዓት፣ ናይ ሓባር ሰላምን ዘባዊ ጸጥታን ዘረጋግእ ስትራተጅያዊ መሪሕነት ናይ መተኣካእታ ዕድል ክህቦም ይኽእልዩ። ምስ ብባህርይኡ ጸረምርግጋእን ሰላምን ዝኾነ መራሒ ተመሓዚኻ ንሃገርካ ዓዲምካ ብምምጻእ፣ ጽልኢ ኣጕሃሂሩ ሓደ ብሄር ምስ ካልእ ብሄር ዘናቖት ኢድ ኣእታውነት፣ ዘይተዓደለን ጣዕሳ ዝግብኦን ሕማቕ ኣጋጣምን እዩ ንብሎ። ዶር. ዓብይ ካብ ዝገበርዎ ለባም ውሳኔታት ሓደ፣ ንተቓዎም መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝኾኑ ሓይልታት እንተላይ ናይ መራኽቢ ብዙሓን መጋብርያታቶም፡ ንውሽጢ ሃገሮም  ኣትዮም ክወዳደሩ ምግባሮም እዩ። ብመንጽሩ ግን ናይ ነዊሕ መጻኢ ዝምድና መሰረት መታን ክንብር፣ ንመንግስቲ ኤርትራ ከምኡ ዝኣመሰለ ደሞክራስያዊ ለውጥታት ክገብር ጸቕቲታት ዘይምግባር ኣስተውዓልነት ዝጎደሎ ውሳኔ ጌርና ንርእዮ። ከምቲ ብትግርኛ “ክትድቅስ ጎረቤትካ ‘ደቅስ” ዝብሃል ከኣ-ውጽኢቱ እነሆ መወዳእታ ዘይብሉ ዘይምርግጋእ ንክልቲኡ ሃገራት እዩ ኣመዝጊቡ ዘሎ። እዚ ክንብል ከሎና ግን ናብዚ ዘለናዮ ኩነት ዘብጸሓና ናይ ገዛእ ርእስና ባዕላዊ ድኽመታታን ናይ ሓድነት ምዝንባዕን ከም ቀዳማይ ረቛሒ እናተቐበልና እዩ። ኣብ ውክልና ህዝቢ ዘለዎ ቅዋማዊ መንግስቲ፣ መባእታዊ ሰብኣዊ መስላት፣ ብሕታዊ ሜድያ ዝቦኾራ ሃገር፣ ጋዜጠኛታታን፣ ናይ ሕልና እሱራትን ዝሓየረት ሃገር ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምኽፋት ኣብ ልዕሊ ሕዝቢ ኤርትራ ከኸትሎ ዝኽእል ሳዕቤን ኣሉታዊ ጥራይ እዩ። እነሆ ከኣ በቲ ካብ ክልቲኤን ሃገራት መግለጺ ዘይተገብረሉ ምዕጻው ዶብ ዛላምበሳ ውጽኢቱ ብተግባር ኣመስኪሩሎ። ንሱ እናተዓጽወ እቲ ናይ ዓሰብን ቡሪን ዶብ ክፉት ምግዳፉ ከኣ፣ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ዝምድናታት ንክልቲኡ ሃገራት ረብሓ ብሓደ ከገልግል ተባሂሉ ዝተሳእለ ከምዘይኮነ እዩ ዘመላኽት። እዚ ጌጋታትዚ ብእዋኑ ተዘይተኣሪሙ ከኣ ሓደጋታቱ ነባርን፣ ወሰን ዘይብሉን ክኸውንዩ።

እምበኣርከስ ኣብ መወዳእታ ንኩልኹም ኣንበብቲ ሕጉስ ሓድሽ ዓመት ክኾነልኩም እና ተመነና፣ ብክልተሰሙናዊ ፋሽን፣ ብጥዑማት ዜና ክንምለሰኩም እናተመነናን ንሰናበተኩም።

ዓወት ንውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ!

ሰላምን ምርግጋእን ንቐርኒ ኣፍሪቃ!

ዘባዊ ሽማግለ ኤሃባደለ-ሰሜን ኣሜሪካ

ጥሪ 3, 2019